አብ ዓዲ ኢሮብ ኣጀማምራ ሕርሻ ከመይ ከምዝነበረ ብዙኅ ግልጺ እኳ እንተዘይኮነ እዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ኣለዉ፤
(ሀ) እንካብ'ዙ ዓዲ ከፍቲ ኂዝካ ንሳዕሪ ምንቅስቓስ እንክግበር (ንኣብነት ናብ ቆላ) ኣብ ዝኸድዎ ዓድታት ወይ መንገድታት ዂነታት ሕርሻ ብምርኣይ፤
(ለ) ሕርሻ እንካብ ዝግበረሉ ዓድታት ሓደሓደ ሰባት ኣብዑርን ጠስምን መዓርን ወዘተ. ንምግዛእ ናብ ዓዲ ኢሮብ እንክመጹ ንቱ ክእለቶምን ልምዶምን ኣነባብራኦምን ብምንጋር (ብምስታፍ)፤
(ሐ) ምስ ኣመሓዳድራ መንግሥቲ ርኽክብ ምግባር እንክጅመር፤
(መ) ድኃር'ውን ላዛሪስት ሚሲዮናውያን ናብ ዓዲ ኢሮብ ምስ መጹ ኣትክልትን ኣገባብራ ሕርሻን ምስ መሃሩ ኢዩ።

ብዛዕባ ምጣነ ሃብቲ ናይ ከባቢ ዓዲ ኢሮብ እንክለዓል እንከይተገልጸ ክሕለፍ ዘይግብእ በለስን ጥቕሚ በለስን ኢዩ። ናብ'ዙ ዓዲ በለስ ዘምጽኡን ክስፍሕፋሕ ዝገበሩን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ቅዱስ ኣቡነ ያዕቆብ ዩስጢኖስ ዝተብሃሉ ኢጣሊያዊ ወዲ ማሕበር ላዛሪስት (ልኡኽ-ወንጌል ናይ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን) ከምዝኾኑ ይእመን። በለስ[57] ንመነባብሮ ሕዝቢ ኢሮብን እንስሳኡን ፍረኡ ኮነ ገልዑ ዓንዲ-ሑቐ ኮይኑ ዘገልግል ኦም እንክኾን፡ ሎሚ ኣብ ካልእ ብዙኅ ከባቢታት ትግራይ'ውን ተስፋሕፊሑ ብዙኅ ጥቕሚ እናሃበ ይርከብ። ምክንያቱ በለስ ብውሑድ ማይ ክለምዕ ዝኽእልን ተሎ ዝባጽሕን ክንዲ ዝኾነ፡ ጥቕሙ ቀለብ ሰብን እንስሳን እንካብ ምዃን ሓሊፉ ሓመድን ማይን ኣብ ናይ ምዕቃብ ልምዓታዊ ሥራሕቲ እውን ዓቢይ ኣበርክቶ ዝህብ ዘሎ ኦም ኢዩ። ከማኡ'ውን እቱ ኣሻኹ ዝኾነ በለስ ንሓፁር

[57] በለስ፡ ዓይነት ኣሙን ፍረኡን ጣዕሙን ብዙኅ ኢዩ፤ እዙይ ከዓ ኣብ ዓዲ ኢሮብ ጣዕሙን ዓይነቱን ዝገልጹ ካብ 60 ንላዕሊ ብዝኾኑ ዝተፈላለዩ ናይ ሳሆኛ ኣስማት ተገሊጹ ይርከብ፡- ሃምወዊሳ፡ ላፎፍለ፡ ሒ'ንለ፡ ሒንሲስለ፡ ሒንዘለ፡ ሓሳ፡ ሓፉዉሳሓራ፡ ሓዙምየን፡ ሙዝጉሉብታ፡ ማላሒ፡ ራሞዳለ፡ ሱልሑና፡ ሱባሒ፡ ሲሪይሓራ፡ ቁንፁዋ፡ ቃላምለ፡ ቡይሳይቶ፡ ባንጋዳ፡ ታምጺፍሊቺ፡ ናሃሪሳ፡ ኡርጉፋ፡ ኣሳ ዒዳ፡ ኩምሐይታ፡ ኩርኩራ፡ ኪቢሓክ፡ ካሪሓራ፡ ካኮይቲሓራ፡ ዋለ-ጀዳ፡ ዓበዝጉ፡ ዓንቃር ዓዶ፡ ዓዶሓራ፡ ዓዶባላሳ፡ ዓዶሙሉሕታ፡ ዓሳሙሉሕታ፡ ዓዶላፎፍለ፡ ዓሳላፎፍለ፡ ዓዶላየለ፡ ዓሳላየለ፡ ዓዶካርቱምታ፡ ዓሳካርቱምታ፡ ዓዶኩርኩራ፡ ዓሳኩርኩራ፡ ዓዶዓሙላ፡ ዓሳዓሙላ፡ ዓዛቕታ፡ ዓጉዋ፡ ጀሀ-ዶጋ፡ ጀድሓራ፡ ዱሩዓለ፡ ዲላለ-ዲክ፡ ዲዲሓራ፡ ዲ'ሓራ፡ ዶራሁሓራ፡ ጊርጋራሓራ፡ ጋሃምታ፡ ጋራያ፡ ጋርገራ፡ ጋባሙሩዓ፡ ጋባይለ፡ ጢሕሎ-ዳዓማ፡ ጹሑፍ፡ ፊረለ፡ ፊረዓተር። (ሓደ ክልተ ምስ ተረፈ፡ ካልእ ብመምህር እያባየ ካሕሣይ ዝቐረበ ዝርዝር ናይዞም ኣስማት፡ ኣብ :- Kidanemariam Shiferaw, "Traditional Management of *Opintia Ficus Indica* /Beles/ in Eastern Zone", Adigrat, Tigray, Ethiopia, February 1997, **ርኣ**)



ዓቢይ ጥቕሚ ኣለዎ። በለስ ሎሚ ኣብ ብዙኅ ዓድታት ዝርከብ'ኳ እንተኾነ፡ ንኃያሎ ዓመታት ግን ኣብ ከባቢ ዓዲ ኢሮብ ጥራሕ ዝርከብ ስለዝነበረ፡ ኣብ ጊዜ ክረምቲ ብዙኃት ጐረባብቲ ቁሸታት ንበለስ ናብ'ዙ ዓዲ መጺኦም ይኸርሙ ብምንባሮም፡ ንምፍላጥ ሕዝብታትን ንብዙኅ ፍቕርን ምኽንያት ናይ ምዃን ዓቢይ ማሕበራዊ ኣበርክቶ ከምዝነበሮ እውን ክግለጽ ይከኣል።

ሕርሻ ኣብ ዓዲ ኢሮብ፡ ብፍላይ ከዓ ኣብ ዓይጋ ብመጠኑ'ኳ ቀደም ከምዝነበረ ዝፍለጥ እንተኾነ፡ ዝማዕበለ ግን ብጊዜ ደጃች ዉቤን ሓፀይ ቴዎድሮስን (1800-1850 ዓ.ም.) ኣቢሉ ከምዝኾነ ይንገር።

ኣብ ክሊ ሕርሻ ኣቐዲሞም እንካብ ዝፍለጡ ናይ እኽሊ ዓይነት ስገምን ሎቓን ስርናይን ይርከቡዎ። ካልእ ዓይነት እኽሊ ግን ናብ'ቱ ከባቢ ድሒሩ ዝመጸ ኢዩ።

ቀደም ኣብዙ ሕብረተሰብ፡ ሰብ ዝሓዞን ዝረኸቦን ነገር ብነፃ ይወሃሃብ ወይ ይለዋወጥ ነይሩ፤ ምክንቱ፡ ብዕራዩ፡ ጠስሙ፡ መዓሩ፡ ሸይጡ ዘድልዮ ነገራት ይገዝእ ነበረ'ምበር ጥረ-ገንዘብ ንክረክብ ኢሉ ሸቐጥ ናይ ምግባር ልማድ ኣይነበሮን። ንግዲ ዝተለምደ/ዝመጸ እንካብ ቀረባ ጊዜ እንክኾን፤ ሕዝቢ ኣብ መቐረባኡ ምስ ዘለዋ ከተማታት ቅርርብን ምምልላስን ምስ ኣዘውተረ ኢዩ። ብሓጺሩ ግን እንካብ እዋን ግዝኣት ጣልያን ኣቢሉ ከምዝኾነ ይንገር።

ኣብ ዓዲ ኢሮብ "ሕርሻን መጓሰን ብሓደ" ዝተለምደን ዝተዘውተረን ኣብ'ዙ ዓዲ ሕርሻን ጥቅሚ ሕርሻን እንካብ ዝተጀመረሉ ጊዜ ጀሚሩ ኢዩ። እዙይ ማለት ከዓ ፍረ ሕርሻን ፍረ መጓሰን መቐረቱ ብሓደ ምዃኑ ን'ቱ ሕዝቢ ኣጻቢቑ እንካብ ዝተረድኣሉ እዋን ጀሚሩ ኢዩ ክበሃል ይከኣል።

## መደምደምታ

ኣብ መእተዊ ከምዝተገለጸ፡ "ኢሮብ" ዝብል ስም ኣጽቢብካ ክውሰድ ዝግባእ ስም ኣይኮነን፤ ብመሠረቱ ወረደምሕረት ናብ ዓጋመ ምስ መጸ ናይ ዝወለዶም - ንሠለስቲኦም ደቂ ወረደምሕረት (ሡሙ፡ ስንበታይ፡ ሓነከ) ዝሓውስን ዝሓቑፍን መንነቶም ዝገልፅን መጸውዒ ስም ኢዩ። እኳ ድአ ን'ቶም ወረደምሕረት ኣቐዲሙ ኣብ ደስኣ ዝወለዶም ምስማርን ዓሚርን ንዝፈረይዎም ሕዝቢ ዝሓቑፍ መጸውዒ ስም ኢዩ። ብምዃኑ ከዓ፡ "ኢሮብ"፡ ብናይ ጊዜን ታሪክን ኢጋጣሚ ኣብዙ ሎሚ ብጉርብትና ዝወረሰ ቋንቋ ሳሆ ንዝዛረብ ውሑድ ሕብረተሰብ ወሲንካን ደሪትካን ዝወሃብ ስም እንከይኮነ፡ ኣብ መባእታ